ናይ ወጻኢ ሓገዝ ኣፍሪቃ

## ነታ ብውግእ ዝበረሰት ኤርትራ ክውሃብ ተመዲቡ ዘሎ ደገፍ ሻቕሎት ፈጢሩ

ብቶቢ ፎገል
19.02.2009

ትርጉም፡ ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

### ዋላ'ኳ ፖለቲካውን ግብራውን ሻቕሎት እንተሎ፡ ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ ንኤርትራ ረድኤት ክህብ መዲቡ ኣሎ።

ብዛዕባ'ቲ ገንዘብ ኣብ ምንታይ ክውዕል'ዩ ዝብል ሕቶታትን፣ እዚ ረድኤት'ዚ፡ በቲ ዲክታቶርያዊ መንግስቲ ግጉይ ፖለቲካዊ ትርጉም ክውሃቦ'ዩ ዝብል ሻቕሎትን እኳ እንተሃለወ ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ ግን፡ ኣብ ልምዓት ዝውዕል 122 ሚልዮን ዩሮልዮን ዩሮ ንኤርትራ ክህብ መዲቡ ኣሎ።

እቲ ኮሚሽን ዘዳለዎ ናይ ምወላ መደብ ንድፊ ወረቐት፡ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ግንቦት በቲ ኣማኻሪ ኮሚቴ ናይ ኣውሮጳዊ ሳጹን ልምዓት ክርአ ኢዩ። ኣውሮጳዊ ሳጹን ልምዓት፡ ብኣባላት ሃገራት ኣብ ወጻኢ ካብ ምዱብ ባጀት ዘበርክትዎ ተወሳኺ ወፈያታት ዝምወል ናይ ኣውሮጳ ናይ ልምዓት መንኮርኮር ኢዩ። ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ፡ ንርእይቶ ናይ'ቲ ኮሚቴ ኣብ ግምት ከእትዎ ኢዩ። ውልቀ ሃገራት ግን ነቲ ውሳኔ ደው ከብልአ ኣይክእላን ኢየን።

### ሰብኣዊ መሰላት

"ናይ ሕብረት ኣውሮጳ ገንዘብ ኣብ ኤርትራ ኣብ ምንታይ ክውዕል ምዃኑ ንፈልጠ የብልናን" ይብል ኡለ ሽሚት እተባህለ ኣባል ሊበራላዊ ሰልፍን ኣባል ፓርላማን ዝኾነ ሽወደናዊ። ቀጺሉ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣሕዛኒ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግምት ብምእታው፣ እዚ ናይ ገንዘብ ምወላ ውሳኔ፡ ንመንግስቲ ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ኣዝዩ ኣደናቒ ዝኾነ መልእኽቲ ከመሓላልፈሉ ኢዩ ኢሉ።

ለስሊ ለፍኮ እተባህለ ኣብ'ቲ ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ህዩማን ራይትስ ዎች ዝሰርሕ ፍሉጥ ተመራማሪ፡ "ነዚ ረድኤት'ዚ ናይ ምቍጽጻሩን ምክትታሉን

ዓቕምታት የብልናን ዝብል ናይ ኣባላት ፓርላማ ሻቕሎት ሓቅን ኣብ ቦታኡን ኢዩ” ብምባል ገሊጽዎ።

ሽሚት ወሲኹ፡ ብዛዕባ’ቲ ካብ 2001 ዓ.ም ኣትሒዙ ኣብ ማእሰርቲ ዝርከብ ሽወደናዊ ኤርትራዊ ጋዜጠኛ ዳዊት ይሳቕ ውን ኣልዒሉ። ፓርላማ ሕብረት ኣውሮጳ ኣብ 15 ጥሪ 2001 ኣብ ዘካየዶ መጋባእያ፡ ዳዊት ይሳቕ ክፍታሕ ዝብል ውሳኔ ኣመሓላሊፉ ነይሩ፤ ምምሕያሽ እንተዘይተራእዩ ድማ፡ ሕብረት ኣውሮጳ ምስ ኤርትራ ዝህልዎ ምቅርራብ ወይ ዝምድና ዳግመ-ርእይቶ ክገብረሉ ውን ሓቲቱ ነይሩ ኢዩ ኢሉ።

## ጠቢቕካ ምስራሕ

ኮሚሽን ሕብረት ኣውሮጳ፡ እቲ ኲነታት ክመሓየሽ እንተደኣ ኰይኑ፡ ምስ’ቲ መንግስቲ ጠቢቕካ ምስራሕ’ዩ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ዝብል እምንቶ ከምዘለዎ’ዩ ዝገልጽ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ 2008 ብሽሚት ንዝቐረበ ሕቶ ፓርላማ ብጽሑፍ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ “ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኲነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣዝዩ ኣሻቓሊ ኢዩ፣ እቲ ኮሚሽን ምስ ኣባላት ሃገራት ኰይኑ ንፖሊሲታት ሕብረት ኣውሮጳ ብቐጻልነት ይምርምሮ ኢዩ” ኢሉ ነይሩ።